## *ዕወት ጽንብል 8 መጋቢት ኣህጉራዊ መዓልቲ ደቀ-ኣንስትዮ ኣብ ከተማ ኡሉም*

*8 መጋቢት ኣህጉራዊ መዓልቲ ደቂ ኣንስትዮ ብዕለት 11.03.2017 ኣብ ከተማ ኡሉም " ኤርትራዊት ጋል ኣንስተይቲ ዋሕስ ልኡላውነትን ለምዓትን"ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ ብክብ ዝበለ ድምቀት ተባዒሉ።*



*ብዓል ብዝክረ ሰማእታት ድሕሪ ምክፋት : ቀዲላ ኣደ /መንበር ሃ.ማ.ድ.ኤ ከተማ ኡሉም ወ/ሮ ለተብርሃን ዘካርያስ ንተሳተፍቲ በዓል ናይ እንቋዕ ብደሓን መጻእኩም መልእኽቲ ብምትሕልላፍ : ቃል ሃገራዊ ማሕበር ደቂ-ኣንስትዮ ኤርትራ ኣብ ዘቕረበቶ ንኩሎም ተጻብኦታት ኣምኪና ተራና ኣዕዚዝና ዕቤትናን ልኡላውነትናን ምዉሓስ ግዴታ ደ/ኣንስትዮ ከዐቢ ተላቢያ።*

*ቀጺሉ ናይ ዮሃና መግለጺ ኣቦ መንበር ጉጅለ ህ. ግ. ደ.ፍ. ከተማ ኡሉም ንሓያል ዘይጻዓድ ጽንዓት ኤርትራዊት ጋለ ኣንስተይቲ ሞጊሱ፡ ቅያ ታሪክ ትማል ናብ ዎሎደታት ከሰግር ተመንዩ ።*

*ቀጺሉ ግጥምታት ከሙኡ ንድምቀት ብዓል ቻምፓኝ ድሕሪ ምክፋት ሕብስቲ ተቖሪሱ፡ ህዝቢ ብሉዕል ወኒ ብባህላዊ ሙዚቃ ተላህዩ። ኣብ ኤርትራዊ መንነቱን ኣብ ጎኒ መንግስቱን ህዝቡን ጸኒዑ ንዕቤትን ልምዓትን እጃሙ ከበርክት መብጽዑኡ ኣሰሚሩ ።*

*ዓወት ንሓፋሽ*
*ክብሪ ንሰማእታት ኤርትራ"*

*ሃ.ማ.ድ.ኤ ከተማ ኡሉም*